
## መርመራ ፓፕ እንታይ እዩ?

መርመራ ፓፕ(ኣብ ዋህዮታት ኣፍ ማህጸን ለውጢ ከይህሉ ዝምርምር መርመራ) ኣብ ኣፍ ማህጸን ዘሎ ዘይንቡር ለውጢታት ክፈልጥ ይኽእል። ዝጀምር ዘሎ ለውጢታት ምሕካም: ካብ ናይ ኣፍ ማህጸን መንሽሮ ክከላኸል ይኽእል። መርመራ ፓፕ ብዘይክፍሊት እዩ ዝግበር።






## ኣፍ ማህጸን እንታይ እዩ?

ኣፍ ማህጸን ኣብ ታሕተዋይ ሽነኽ ናይ ማህጸን ዝርከብ ኣፍደገ እዩ። ህጻናት ክውለዱ ኸለዉ በዚ ኣፍ ማህጸን ይወጹ።

## ዘይንቡር ለውጥታት ብምንታይ ይብገስ?

ሂዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ ወይ ኤችፒቪ: ብዙሕ ጊዜ ዝርአ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ቫይረስ ኮይኑ: ኣብ ኣፍ ማህጸን ጓል-ኣንስተይቲ ዘይንቡር ለውጢታት ከስዕብ ይኽእል። ሓደሓደ ጊዜ በዞም ኤችፒቪ ዝሰዓቡ ዘይንቡር ለውጢታት ናብ መንሽሮ ክልወጡ ይኽእሉ እዮም። መርመራ ፓፕ ነዞም ዘይንቡራት ለውጢታት ቅድሚ ናብ መንሽሮ ምቕያሮም ክፈልጦም ይኽእል እዩ።

## መርመራታት ፓፕ የድልየኒ ዶ?

ጾታዊ ንጥፈታት ፈጺመን ዝፈልጣ(ጾታዊ ርክብን ጾታዊ ምትንኻፍን ዝፈጸማ) ኩለን ደቂ ኣንስትዮ በብእዋኑ መርመራታት ፓፕ ክገብራ ኣለወን።

## ኣብ ከክንደይ እዋን መርመራ ፓፕ ክገብር ኣለኒ?

ኣብ መበል 21 ዓመትኪ መርመራ ፓፕ ክትጅምሪ ከምኡ'ውን ክሳብ መበል 69 ዓመትኪ ኣኣብ 3 ዓመት ክትቅጽሊ ኣለኪ።

## ክታበት ኤችፒቪ እንታይ እዩ?

ክታበት ኤችፒቪ ናይ ኣፍ ማህጸን መንሽሮ ካብ ዘስዕቡ ገለ ዓይነታት ኤችፒቪ ይከላኸል። እዚ ክታበት ንዘሎ ናይ ኤችፒቪ ረኽሲ ኣይፍውሶን እዩ። እንተተኸቲብኪ`ውን: በብእዋኑ መርመራታት ፓፕ ክትገብሪ የድልየኪ እዩ።

## መርመራ ፓፕ ክገብር ኣበይ ክኸይድ እኽእል?

ንዝሕክመኪ ሓኪም ወይ ነርስ ሕተትዮ: ኣብ ከባቢኺ ዘሎ ማእከል ጥዕና ኣዘራርብዮም: ወይ ናህና ማዕከን መርበብ ርኣዩ cancercare.mb.ca/screening

እንተድኣ ደቂ ኣንስትዮ መርመራታት ፓፕ በብእዋኑ ጌረን እንኮላይ ግቡእ ምክትታል ናይ ዘይንቡር ለውጢታት እንተጌረን: መብዛሕቲኡ ናይ ኣፍ ማህጸን መንሽሮታት ክትከላኸሎ ይካኣል እዩ።


ብኽብረትኩም ተዘራረብኩም ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ፦

**CervixCheck, CancerCare Manitoba**
**#5-25 Sherbrook Street**
**Winnipeg, Manitoba R3C 2B1**

**ቁጽሪ ተሌፎን**: 204-788-8626
**ዘይቆጽር መደወሊ**: 1-855-952-4325
CervixCheck@cancercare.mb.ca
cancercare.mb.ca/screening


CancerCare Manitoba
ActionCancerManitoba
BreastCheck CervixCheck ColonCheck